# ማህደረ ትምህርቲን (stipend) ልቓሕን ንዕቑበኛታት ትምህርቲ

## ዕቑበኛ ዲኻ?
እንተድኣ ናይ ካልእ ሃገር ዜጋ ኴንካን ዕቑባ (ኣሲል) ረኺብካን ኣብ ኖርወይ ከም ዕቑበኛ ኢኻ ትሕሰብ። ንስኻ ግና ኣብ በዓል መዚ ጉዳይ ወጻእተኛታት (ኡደኢ/UDI) ከም ዕቑበኛ ዝተመዝገብካ ክትከውን ኣሎካ።

ንስኻ ማህደረ-ትምህርቲን(stipend) ልቓሕን ክትረክብ ትኽእል ኢኻ
ዕቑበኛ እንተኼንካ፡ ንኹሉ ኣብ ኖርወይ ማህደረ ትምህርቲን ልቓሕን ንምርካብ ፍቑድ ዝኾነ ዓይነት ትምህርትታት ካብ ሎነካሰ (መንግስታዊ ናይ ትምህርቲ ልቓሕ ዝህብ ባንክ) ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

## ፍሉይ ነገር:
እንተድኣ ኣብ መዕቆቢ ዕቑበኛታት ትነብር ኣሎኻ ኴንካ መሰል ናይ ማህደረ ትምህርትን ልቓሕን ካብ ሎነካሰ የብልካን። ግና ከም ኩሎም መንእሰያት ኣብ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ዝኸዱ ንመሳርሒ ትምህርቲ ሓገዝ ማህደረ ትምህርቲ (utstyrsstipend) ክተረክብ ትኽእል ኢኻ። ንስኻ ግና ከም ዕቑበኛ ምስ ተቐበሉኻ ካብ መዕቆቢ ዕቑበኛታት/ሞታክ ምስ ወጻእካን ግና እቲ ካልእ ዓይነት ማህደረ ትምህርትን ልቓሕን ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

## ዕቑበኛታት ማህደረ ትምህርቲ ዕቑበኛታት ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም
ዕቑበኛታት ማእከለይ ደርጃ ወይ ካልኣይ ደርጃ ትምህርቶም ዘይወድኡ ምስ ዝኾኑ ማህደረ ትምህርቲ/stipend ንዕቑበኛታት ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም። እንተድኣ መሰል ማህደረ ትምህርቲ/stipend ንዕቑበኛታት ሃልዩካ ብምሉኡ ወይ እቲ ዝበዝሓ ክፋል ናይቲ ገንዘብ ከም ማህደረ ትምህርቲ/stipend እዩ ዝወሃበካ። እንተድኣ ዝለዓለ ትምህርቲ ወይ ካልእ ዓይነት ትምህርቲ ትወስድ ኴንካ ግና መሰል ናይ ማህደረ ትምህርቲ/stipend ንዕቑበኛታት የብልካን። እንተኾነ ግና ከም ኩሉ ኖርዌጃዊ ዜጋ እቲ ንቡር ማህደረ ትምህርቲን /stipend ልቓሕን ከተመልክት ትኽእል ኢኻ።

## ማህደረ ትምህርቲ/stipend ንዕቑበኛታት እተበዝሓ ንሰለስተ ዓመት እዩ።
ንስኻ ማህደረ ትምህርቲ/stipend ንዕቑበኛታት እንተበዝሓ ንሰልስተ ዓመት ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። እዚ ዓመታት'ዚ ግና ድሕሪ ዕቑባ ምርካብካ ኣብ ዘሎ እዋን ክሳብ ክንዳይ ቀልጢፍካ ትምህርቲ ትጅምር ዝምርኮስ እዩ።

እንተድኣ ኣብ ውሽጢ ሰልስተ ዓመታት ዕቑባ ምስረኸብካ ትምህርቲ ጀሚርካ ንሰለስተ ዓመታት ማህደረ ትምህርቲ/stipend ንዕቑበኛታት ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። እንተድኣ ኣብ ውሽጢ ኣርባዕተ ዓመታት ዕቑባ ምስረኸብካ ትምህርቲ ጀሚርካ ንክልተ ዓመታት ማህደረ ትምህርቲ/stipend ንዕቑበኛታት ክትረክብ ትኽእል እንተድኣ ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ ዓመታት ጀሚርካ ድማ ንሓደ ዓመት ጥራሕ ማህደረ ትምህርቲ/stipend ንዕቑበኛታት ክትረክብ ትኽእል።

ማህደረ ትምህርቲ/stipend ንዕቑበኛታት፣ ቆልዑ እንተሃልዮሙኻ ወይ ድማ እቲ ማህደረ ትምህርቲ/stipend ንዕቑበኛታት ክትወስደሉ ዝግብኣካ እዋን ቆልዓ ወሊድካ እቲ እዋን ክሳብ ክልተ ዓመት ክናዋሕ ይኽእል እዩ። እዚ ግና ትምህርትኻ እቲ ቆልዓ 10 ዓመት ከይመልኣ ከሎ ክትጅምሮ ኣሎካ። እንተድኣ መሰል ናይ ማእከለይ ደረጃ ትምህርቲ ቅድሚ ካልኣይ ደርጃ ምጅማርካ ኣሎካ ኮይኑ ግን ማህደረ ትምህርቲ/stipend ንዕቑበኛታት ዋላ ድሕሪ ሓሙሽተ ዓመት ጀምሮ ንሰለስተ ዓመት ማህደረ ትምህርቲ/stipend ንዕቑበኛታት ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

## መደብ ኢንትሮ ንናይ ማህደረ ትምህርቲን/stipend ልቓሕን መሰልካ ይጸልዎ እዩ።
ንስኻ ኣብቲ ናይ ኢንትሮ ሓገዝ ትወስደሉ እዋን ናይ ማህደረ ትምህርቲ/stipend ንዕቑበኛታት መሰል የብልካን። ሓገዝ ናይ ኢንትሮ ኣብ ምሉእ ናይ ትምህርቲ ዓመት ዘይትወስድ እንተኼንካ ኣብተን ናይ ኢንትሮ ሓገዝ ዘይትወሰደለን እዋናት ማህደረ ትምህርቲ/stipend ንዕቑበኛታት ክትወስድ ትኽእል ኢኻ።

## ክንደይ ዝኣክል ገንዘብ ክትረክብ ትኽእል?

ካልኣይ ደርጃ ትምህርቲ ብመሰል መንእሰይ / ungdomsrett1 ኳንካ ትመሃር ኣለኻ እቲ ማህደረ ትምህርቲን/stipend ልቓሕን ልክዕ ከምቶም ኖርዌጃዊያን ተማሃሮ እዩ ዝሕሰብ። እቲ ፍልልይ ንዓኻ ብዘይካ እቲ ተወሳኺ ልቓሕን ልቓሕ ገንዘብ ንቤት ትምህርትን እቲ ካልእ ገንዘብ ብምሉኡ ከም ናይ ዕቑበኛ ማህደረ ትምህርቲ እዩ ዝሕሰበልካ። ኣብ ማእከላይ ደረጃ ትመሃር አንተ ኣለኻ ወይ ካልኣይ ደርጃ ትምህርቲ ብዘይ መሰል መንእሰይ/ ungdomsret ትመሃር ኣለኻ ኳንካ ግና እቲ ገንዘብ ልክዕ ከም ኖርዌጃውያን ተመሃሮ ኣብ ዝለዓለ ደርጃ ትምህርቲ ዝኸዱ እዩ ዝሕሰብ። እቲ ፍልልይ እቲ መሰረታዊ ልቓሕ ዝብሃል ከም ናይ ዕቑበኛታት ማህደረ ትምህርቲ እዩ ዝኽፈለካ።

ኣስተውዕል: እንተድኣ ካልእ ኣታዊ ሃልዩካ: ናይ ውሕስነት/ትሪግድ(trygd) ሓገዝ ትወስድ ኳንካ ወይ ሓደ ዝተውሰነ ርእሰ ማል ሃልዩካ እቲ ናይ ዕቑበኛታት ማህደረ ትምህርቲ ናብ ልቓሕ ክቕየር ይኽእል እዩ። ነዚ ዝምልከት ሕጡበ ጽሑፍ ኣብ ታሕቲ ርኣ። እቲ ተወሳኺ ልቓሕን ናይ ቤት ትምህርቲ ገንዘብን ግና ከም ማህደረ ትምህርቲ/stipend ንዕቑበኛታት ኣይውሃብን እዩ።

---

1 መንእሰይ ማእከላይ ደረጃ ትምህርቲ/ungdomsskole ዝወሰደ ወይ ምስኡ ዝመጣጠን ትምህርቲ ዝተመሃረ ብሕጊ ዝጸደቐ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ክመሃር መሰል ኣለዎ። መሰል መንእሰይ ክሳብ እታ ናይ ትምህርቲ ዓመት 24 ዓመት ትመልኣላ ዘላ ዓመት እዩ ዘገልግል።

| ትምህርቲ | ብኸምዚ መንገዲ ኢኻ ተመልክት | ብዝሒ ገንዘብ እንተድኣ ምሉእ ሰዓታት ትምህርቲ ትመሃር እንተኳንካ |
|---|---|---|
| ማእከላይ ደርጃ ትምህርቲ ንዓበይቲ። ትምህርቲ ብመሰረት ሕጊ ትምህርቲ ዓንቀጽ § 4A-1 ቀዳማይ ክፋል መሰል ዘለካ። | ንዝልዓለ ወይ ካልእ ትምህርቲ ዝምልከት መመልከቲ ቅጺ ተጠቀም። | ማህደረ ትምህርቲ ንዕቑበኛታት/ Flyktningstipend: 58 585 ክሮነር ንሓደ ሰሚስተር። |
| ማእከላይ ደረጃ ትምህርቲ/ ungdomsskole ምስ መሰል መንእሰይ፡ ሕጊ ትምህርቲ ዓንቀጽ § 4A-1 ካልኣይ ክፋል። | ንካልኣይ ደርጃ ትምህርቲ ዝምልከት መመልከቲ ቅጺ ተጠቀም። | እቲ ብዝሒ ገንዘብ ልክዕ ከም ንካልኣይ ደርጃ ትምህርቲ ምስ መሰል  መንእሰይ ዘለዎም ግና ዝወሓደ ክፍሊት ኣብ ናይ ማህደረ ትምህርቲ ንንብረት/ Utstyrsstipend. ኣብ ታሕቲ ዘሎ ርኣ። |
| ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ/ videregåendeskole ምስ መሰል መንእሰይ | ንካልኣይ ደርጃ ትምህርቲ ዝምልከት መመልከቲ ቅጺ ተጠቀም። | ማህደረ ትምህርቲ ንመሳርሒ/ Utstyrsstipend: 1 118 - 4 603 ክሮነር እቲ ብዝሒ በቲ ትኸዶ ትምህርታዊ መደብ ዝውሰን እዩ።<br><br>ካብ ስድራቤቱ ወጻኢ ንዝነብር ማህደረ ትምህርቲ / Borte-boerstipend: 4 709  ክሮነር ንወርሒ እንተድኣ ካብ ስድራኻ ወጻኢ ግዱታ ክትነበር ዘለካ ኳንካ። ካብ ስድራቤቶም ወጻኢ ዝንበሩ'ሞ ልዕሊ 18 ዓመት ዝኾኑ ተወሳኺ 3 467 ክሮነር ንወርሒ ክወስዱ ይኽእሉ እዮም።<br><br>ኣብ ኣታዊ ዝሙርከስ ማህደረ ትምህርቲ / Inntektsavhen-gig stipend: 1 163 –3 489  ክሮነር ንወርሒ እንተድኣ ኣለይትኻ ትሑት ቁጠባ ኣለዎም። እዚ ክምልከተካን ከይምልከተካን  ከምኡ'ውን ክንደይ ዝኣክል ክትረክብ ትኽእል ኣብ ኣታዊታት ናይ ወለድኻ ዝሙርኮስ እዩ።<br><br>እንተድኣ ንስኻ ንካብ ስድራ ቤት ወጻኢ ናይ ዝንበሩ ወይ ኣብ ኣታዊ ዝምርኮስ ማህደረ ትምህርቲን ልቓሕን መሰል ሃልዩካ  እቲ ገንዘብ ልክዕ ከም  ከም ናይ ማህደረ ትምህርቲ ዕቑበኛታት / flyktningstipend እዩ ክኽፈለካ። |
| ካልኣይ ደርጃ ትምህርቲ/ videregåendeskole ብዘይ መሰል መንእሰይ | ንዝልዓለ ወይ ካልእ ትምህርቲ ዝምልከት መመልከቲ ቅጺ ተጠቀም። | ማህደረ ትምህርቲ ንዕቑበኛታት/ flyktningstipend: 58 585  ክሮነር ንሓደ ሰሚስተር። |

| | | |
|---|---|---|
| ዝለዓለ ወይ ካልእ ትምህርቲ ዩኒቨርስቲ ወይ ኮሌጅ<br>ካልእ ትምህርቲ ንኣብነት ፎልክ ሆይስኩለ/folkehøg-skole, ሞያዊ ቤት ትምህርቲ/ fagskole፡ ቤት ትምህርቲ ስነ ጥበብ ወይ ቤት ትምህርቲ ኮምፒተር ቴክኖሎጂ | ንዝለዓለ ወይ ካልእ ትምህርቲ ዝምልከት መመልከቲ ቅጺ ተጠቀም። | ንስኻ ዝለዓለ ትምህርትን ካልእ ትምህርትን ክትምሃር ከለኻ ማህደረ ትምህርቲ ንዕቑበኛታት ክትወስድ ኣይፍቀደካን እዩ። ግና ኣምህደረ ትምህርትን ልቓሕን ብማዕረ ሕጊ ከምቶም ካልኦት ኖርዌጃውያን ክትወስድ ትኽእል ኢኻ። እዚ ማለት ክሳብ 56 145 ክሮነር ንሓደ ሰሚስተር ምሉእ ሰዓታት ትምህርቲ ከም መሰረታዊ ልቓሕ ክትወስድ ትኽእል ኢኻ። ክሳብ 40 % ካብዚ መሰረታዊ ልቓሕ'ዚ ናብ ማህደረ ትምህርቲ/stipend ክቕየር ይኽእል እዩ። እዚ ግና ምስ ስድራቤትካ ዘይትነብር እንተ ኴንካ እዩ። ብዛዕባ'ዚ ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ኣንብብ። www.lanekassen.no<br>እንተድኣ ምሉእ ሰዓታት ትምህርቲ ኣብ ኣብ ዝለዓለ ትምህርቲ ወይ ሞያዊ ቤት ትምህርቲ/ fagskoleutdan-ning ትኸይድ ኴንካ ዝያዳ ማህደረ ትምህርትን ልቓሕን ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። |

ኣብ ልዕሊ እዚ ኣብ'ዚ ሰደቓ'ዚ ትርእዮ ዘሎኻ ብዝሒ ገንዘብ ነዚ ዝስዕብ'ውን መሰል ክህልወካ ይኽእል እዩ።

- ናይ ቆልዓ ማህደረ ትምህርቲን/barnestipend ተወሳኺ ልቓሕን እንተድኣ ዝእለዩ ቆልዑ ሃልዮሙኻ
- ተወሳኺ ልቓሕ እንተድኣ ልዕሊ 30 ዓመት ኴንካ
- ልቓሕ ን ቤት ትምህርቲ ገንዘብ/skolepenger ከም ኣድላይነቱ።
- ተወሳኺ ማህደረ ትምህርቲ/tilleggsstipend እንተድኣ ኣካለ ጎደሎ ኴንካ

## ማህደረ ትምህርቲ/stipend ንዕቑበኛታት ካብ ማህደረ ትምህርቲ ናብ ልቓሕ ክቕየር ይኽእል እዩ።

እንተድኣ ሰሪሕካ ተእትዎ ኣታዊ ሃልዩካ ወይ ናይ ውሕስነት ገንዘብ/ትሪግድ(trygd) ካብ መንግስቲ ትረክብ ኴንካ ወይ ልዕሊ'ቲ ኣብ ሕጊ ሰፊሩ ዘሎ ደረት ርእሰማል ሃልዩካ ብምሉኡ ወይ ብከፊል ናይቲ ማህደረ ትምህርቲ/stipend ንዕቑበኛታት ናብ ልቓሕ ክቕየር ይኽእል እዩ። እንተድኣ ትኣልዮም ቆልዑ ሃልዮሙኻ እቲ ናይ ቆልዑ ማህደረ ትምህርቲ/barnestipend ክጎድል ወይ ሙሉእ ብሙሉእ ክተርፍ ይኽእል እዩ። እዚ ግና እንተድኣ ንሳኻ ወይ ሰበይትኻ/መጻምድትኻ ኣታዊ ሃልዩኩም ወይ ናይ ውሕስነት ገንዘብ/ትሪግድ(trygd) ካብ መንግስቲ ትርኽቡ ኴንኩም ወይ ልዕሊ'ቲ ኣብ ሕጊ ዘሎ ደረት ርእሰ ማል ሃልዩኩም እዩ።

ምርግጋጽ ናይዚ ናይ ስራሕ ኣታዊ ወይ ብውሕስነት/ትሪግድ(trygd) ትረኽቦ ኣታዊ ወይ ልዕሊ ደረት ዝኾነ ርእሰ ማል ምህላው ኣብ ክረምቲ ወይ ቀውዒ ድሕሪ እቲ ማህደረ ትምህርቲ/stipend ወይ ልቓሕ ዝወሰድካሉ ዓመት ዘሎ እዋን መረጋገጺ ኣታዊታትካ ካብ ቤት ጽሕፈት ቀረጽ ተዳልዩ ምስተወድኣን እዩ ዝግበር። ዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ'ዚ ኣብ  www.lanekassen.no. ኣንብብ።

## ማህደረ ትምህርቲን /stipend ልቓሕን ብኸምዚ ኢኻ ተመልክት

ንማህደረ ትምህርቲን/stipend ልቓሕን ንዕቑበኛታት ዝምልከት ፍሉይ መመልከቲ የለን። ንስኻ ነቲ ኣብ www.lanekassen.no ዘሎ ናይ ማህደረ ትምህርቲን/stipend ልቓሕን መመልከቲ ግድነት ተጠቀም።

እንተድኣ ንስኻ ኣብዚ ማህደረ ትምህርቲ/stipend ወይ ልቓሕ ተመልክተሉ ዘሎኻ እዋን ናይ ኢንተርሮ ሓገዝ ትወስድ ኣሎኻ ወይ ክትወስድ ኴንካ ቅዳሕ ናይቲ ካብ ምምሕዳርካ ወይ ናቭ ዝተወሃበካ ውሳነ ንኸንደይ እዋን ናይ ኢንተርሮ ሓገዝ ከምትረክብ ዘርኢ ስደደልና።

እንተድኣ ናይ ኢንተርሮ መደብ ወዲእካዮ ኴንካ ኣየነይ ዕለት መደብ ኢንተርሮ ከምዝወዳእካ ዘርኢ ካብ ኮሙነኻ ወይ ናቭ መረጋገጺ ወረቀት ስደደልና።

ሎነካስ ሓበሬታ ብዛዕባ ዘሎካ ዓይነት መንበሪ ፍቓድ ካብ በዓል መዚ ኢሚግረሽን (ኡደኢ) ከምጽእ እዩ። እንተድኣ ብፍሉይ ዘይሓቲትናካ ነዚ ዝምልከት ሰንዳት ምስዳድ ኣየድልየካን እዩ።

## መልሲ ምልክታኻ ብዛዕባ ማህደረ ትምህርቲን/stipend ልቓሕን

ምልክታኻ ውጽኢት ናይቲ ምርኣይ ጉዳይን ኣብ ዲነሲደር/ Dine sider  ኣብ www.lanekassen.no ዘሎ ክትከታተሉ ትኽእል ኢኻ።

## ክፍሊት

ቅድሚ እቲ ገንዘብ ምርካብካ እዞም ዝስዕቡ ሰለስተ ነገራት ክስተኻኸሉ ኣለዎም።

1. ቤት ትምህርትኻ ናይ ትምህርቲ ቦታ ከምዝረኸብካን ትምህርትኻ እንዳመጻእካ ትከታተል ከምዘለኻን ከረጋግጸልካ ኣለዎ።

2. ንስኻ ብቑዕ ናይ ኖርወይ ቁጽሪ ሕሳብ ባንክ ናይ ባዕልኻ ዝኾነ ግዴታ ክትህብ ኣሎካ። እዚ ኣብቲ መመልከቲ ክትመልእ ከለኻ ኢኻ ትገብሮ። ቁጽሪ ሕሳብ ባንክኻ ኣብ ዲነሲደር (Dine sider) ክትቅይሮ ትኽእል ኢኻ።

3. እቲ ውዕል ናይ ሓገዝ ግዴታ ክፍረም ኣለዎ።

• እንተድኣ 18 ዓመት ዝመላእካ ኴንካ እቲ ውዕል ሓገዝ ባዕልኻ ክትፍርመሉ ኣሎካ።

• እንተድኣ ትሕቲ 18 ዓመት ኴንካ ሓደ ካብ ወለድኻ ነቲ ውዕል ሓገዝ ክፍርመሉ ኣለዎ። እንተድኣ ወለድኻ ዘየለው ኾይኖም ወይ ኣብ ካልእ ሃገር ዝነብሩ ኮይኖም እቲ መጉዚትካ ነቲ ውዕል ሓገዝ ክፍርመሉ ኣለዎ። እንተድኣ ልቓሕ ዝወሃበካ ኮይኑ ንስኻን ወለድኻ/መጉዚኻን ነቲ ውዕል ሓገዝ ክሊተኹም ግዴታ ክትፍርምሉ ኣለኩም።

## እንተድኣ ትምህርቲ ኣቋሪጽካ

እንተድኣ ትምህርትኻ ኣቋሪጽካ ብዝቀልጠፈ ንሎነካሰ ከተፍልጥ ኣሎካ። ብዛዕባ'ዚ ኣብ lanekassen.no ኣንብብ።

ኩሉ ብዝሒ ገንዝብ ንዓመተ ትምህርቲ 2021-2022 ዘገልግል እዩ።

Lånekassen

ሁሉም መጠኖች በ 2022-2023 የትምህርት ዓመት ላይ ይተገበራሉ